**ዓሌትነትን ፣ ዓሌታዊ ምፍልላይን ኣድልዎን ንዅሉ መዳይ ህይወት ዚጸሉ ማሕበራዊ ሓቅታት እዩ ።**

- ዓሌታዊ ቓላትን ተግባራትን ጠባያትን ብገለ መገዲ ወይ ብቀጥታ ጥራይ ኣይኮነን ዚርአ። ዓሌትነት፣ መዓልታዊ ብረቒ ዓይነት ኣድልዎ'ውን ኣሎ፣ (ከም ዕሽሽ ምባል፣ ላግጺ ወይ ካልእ ዓይነት ኣቀራርባ ዝኣመሰለ ረቒቕ ዓይነት ዓሌታዊ ኣፈላላይ ኣሎ) ።
- ምፍልላይን ኣድልዎን ነዚ ዝስዕብ ዘተሓሳስብ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ፡
  - ስራሕ ንምርካብ፣ካብ ስራሕ ንምውጻእ
  - ንብረታት ወይ ግላዊ ኣገልግሎታት (ገዛ፣ ክረዲት ካርድ፣መዘናግዒ) ንምርካብ፣
  - ናብ ህዝባዊ ኣገልግሎት (ትምህርትን፣ ስልጠናን) ንምእታው።

**መሰላትካ ኽትፈልጥን ክትገልጽን ከተረጋግጽን ኣገዳሲ እዩ ።**
**ዓሌትነት ወይ ኣድልዎ ዝመልኦ ኹነታት ኬጋጥመና ኸሎ፣ ክንምስክር ኣገዳሲ እዩ ።**

ንዝኾነ ይኹን ቆጸራ ኣብዚ ኣድራሻታት ተወከስ፥

**Service of intercultural cohesion**
Service de la cohésion multiculturelle - COSM:
Place de la Gare 6
2300 La Chaux-de-Fonds
Tél. +41 (0)32 889 74 42
Fax +41 (0)32 722 04 04
Email : cosm@ne.ch

ዝሰርሓሉ ሰዓታት **COSM :**

**COSM Offices:**

**La Chaux-de-Fonds**
Place de la Gare 6
2300 La Chaux-de-Fonds
Monday to Thursday: 1:30-5:00 pm

**Neuchâtel**
Rue de Tivoli 22
2000 Neuchâtel
Monday to Thursday: 1:30-5:00 pm

**Fleurier**
Rue du Temple 8
2114 Fleurier
Thursday: 1:30-5:00 pm

ne.ch

**ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ:**

**Service of intercultural cohesion**
Service de la cohésion multiculturelle - COSM
www.ne.ch/cosm

**Federal Commission against Racism**
Commission fédérale contre le racisme CFR
Inselgasse 1
CH-3003 Berne
tél. +41 58 464 12 93
ekr-cfr@gs-edi.admin.ch
www.ekr.admin.ch

**Service against Racism**
Service de lutte contre le racisme (SLR)
**General Secretariat DFI**
Secrétariat Général DFI
Inselgasse 1
CH-3003 Berne
Tél +41 58 464 10 33
ara@gs-edi.admin.ch
www.slr.admin.ch

**www.ne.ch/cosm**

© Sarah Zafferri



ዓሌትነት

# መሰላት
# ዓሌትነት
# ኣፈላላይ

## መሰላትካ ምፍላጥ

ne.ch

## ብዛዕባ ዓሌትነት ወይ ዓሌታዊ ኣፈላላይ እንታይ ክንገብር ኣሎና ፧

**ግዳይ** ወይ **ምስክር** ዓሌትነትን ኣድልዎን ዘለዎ ቃላት ወይ ተግባራት ዲኻ፧
ብምኽንያት መበቈልካ ፣ ሃይማኖታዊ ፣ ሕብሪ ቈርበትካ፣ ብውልቀ-ሰብ፣ ብማሕበር፣ ብትካል፣ ብህዝባዊ ኣገልግሎት ኣድልዎ ከምዝተገብረልካ ትግምት፧
ሓበሬታ፣ ምኽሪ፣ ኣንፈት ንምርካብ service de la cohésion multiculturelle (COSM) ተወከስ።

ተሓጋገዝቲ COSM ነዚ ዝስዕብ ኣገልግሎታት ንምቕራብ ድልዋት እዮም፣

- ንምስማዕ
- ኩነታት ናይ ዓሌትነት ወይ ኣድልዎ ንምልላይ
- ብዛዕባ ሕጋዊ ስጉምቲ ሓበሬታን ምኽርን ንምሃብ
- ምምሕዳራዊ ደገፍ ንምሃብ
- ማእከላይ ሓሳብ ንምቕራብ

ንኹሉ ግዳይ ዓሌታዊ ጽልኢ ወይ ምስክር ናይ ዓሌታውነት ወይ ኣድልዎ ዝኾነ፣ እንታይ መንበሪ ፍቓድ ከመዘለካ ብዘየገድስ፣ ንኹሉ ሰብ ምኽሪ ይህብ። ምኽሪ፣ ብነጻን፣ ምስጢራውን፣ ኣድላይ እንተኾይኑ ምስ ቱርጁማን ይዳሎ።

## ተልእኾ ናይ COSM

COSM ንናይ ካንቶን ኑሻተል ፖሊሲ ውህደት ኣብ መንጎ ባህልታት ናይ ምውህሃድ ሓላፍነት ኣለዎ።
ተልእኾኡን ኣገልገሎታቱን፣ ብሕጊ ምውህሃድን፣ ጥምረት ዝተፈላለየ ባህልታትን ይግለጽ(RSN 132.04)።

ዕላማ እዚ ሕጊ **ማሕበራዊ ሓድነት፣ ማዕረ ኽብርን ድሕንነትን** ናይቶም ኣብ ካንቶን ኑሻተል ዝነብሩ ኹሎም፣ ንምድንፋዕን፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጎ ስዊዛውያንን ወጻእተኛታትን፣ ስደተኛታትን ስኒት ዘለዎ ርክባትን ሓባራዊ ምርድዳእን ንምፍጣር ኢዩ።

ምንዳይን፣ ንተግባራዊ መፍትሕታት ስጉምቲ ንምውሳድን፣ ምሉእ ተሳትፎ ናይ ስደተኛታት ኣብ ሕብረተሰብ፣ ንምውህሃድ ተተባብዕ፣ ከምኡ'ውን ብሓፈሻ፣ ኩሎም **ማዕረ መሰላትን፣ ግዴታትን፣ ከምኡ'ውን ዓሌታውነትን ኣድልዎን** ንኸይግበር **ንምድንፋዕ** ከም መሰረት ቅዋም ናይ ሕጊ ዝዓለመ እዩ። (ዓንቀጽ. 1)

መንግስቲ ኑሻተል፣ ኣብ ኣመሓዳድራ ናይ በብዓይነቱ ዓሌታትን ባህልታትን ኣብነታዊት ክትከውን ትጽዕር። ኣብ 2018 ማዕርነት ዘለዎ ምምሕዳርን፣ ንኹሉ ዓሌት ክፍተት ዘለዎ መስርሕ ኣቕሚ። ደገፍን፣ ተግባራዊ ዕቤትን ሓበሬታትን ምሃብ ድማ ይቕጽል። (ሰሙን ኑሻተል ኣንጻር ዓሌትነት Semaine neuchâteloise d'action contre le racisme፣ Neuchàtoi ኑሻተዋ፣ Journée des réfugiés መዓልቲ ስደተኛታትን)

## ሕጊ እንታይ ይብል ፧

**ኣብ ስዊዘርላንድ፣ ዓሌትነትን ዓሌታዊ ኣፈላላይን ብሕጊ ክልኩል እዩ ።**
ዓሌታዊ ጽልኢ ዘለዎ ተግባራትን መግለጺታትን ከምኡ'ውን ዓሌታዊ ኣድልዎን፣ ዘቕጽዕ ገበን እዩ፣ እዚ ድማ ብመንጽር ሕጊ ኣንጻር ዓሌትነትን፣ምልዕዓል ዓሌታዊ ጽልኢ እዩ።

ስለዚ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ. 261bis ናይ ገበን መቕጽዒ ሕጊ (CP) ከምኡ'ውን 171c ናይ ወተሃደራዊ መቕጽዒ ሕጊ ኮድ (CPM)፣ ብሰንኪ ዓሌታዊ ጽልኢ፣ **ብጋህዲ ብተግባራዊ መልክዕ፣** ብግሉጽ ወይ ብዘይግሉጽ ኣገባብ፣ **መሰል ማዕርነት** ናይ ውልቀ ሰባት፣ ብምኽንያት ሕብሪ ቆርበቶም፣ መበቆል ዓሌቶም፣ ሃይማኖቶም ወይ ጾታዊ ኣንፈቶም፣ ምስ ዝግሃስ **ብሕጊ የቕጽዕ።** ከምኡ'ውን ዝጠቅም ንህዝቢ ዝትዳላወ ኣገልግሎታት ወይ ንብረት ምሃብ ምስ ዝኣብዩ መቕጻዕቲ ይወርዶም።

**ምስ ዓሌታዊ ተግባራትን ኣድልዎን ኣብ ዚግበር ቃልሲ ፣ ምንጋርን ምስክርነትን ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።**
ጉዳያት ዓሌታውነትን ዓሌታዊ ምፍልላይን ምምዝጋብ፣ ንኣንጻር ዓሌትነት ዚግበር ሃገራዊ ቃልሲ ንምቊጽጻር ኣበርክቶ ይገብር። ብዛዕባ ዚለዓል ጉዳያት ምምስካርን፣ ወይ ጸብጻብ ምሃብን ኣገዳሲ እዩ።

COSM ኣባል መራኸቢ ምኽሪ እቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ግዳያት ዓሌታዊ ጽልኢ ዝኾኑ ሰባት እዩ ። Humanrights.ch* ነዚ መርበብ ሓበሬታ ዜተሓባብርን ንኸሉ እቲ ኣብ ከባቢ ማእከላት ምኽሪ እተመዝገበ ዓሌታዊ ፍጻመታትን ኣድልዎን ኣብ ዓዓመት ዚዝርዝር ኣካል እዩ። ኣብ ዓዓመት Humanrights.ch፣ ፌደራላዊ ኮሚሽን ኣንጻር ዓሌትነት (CFM) ብሓባር ጸብጻብ ትንተና ይሓትሙ ።

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥

* ንዓሌታዊ ምፍልላይ ዚኸልክል ገበናዊ ሕጊ ብ1 ጥሪ 1995 ኣብ ግብሪ ኣትዩ ። ካብ 1 ሓምለ 2020 ኣትሒዙ ኣብ ጾታዊ ዝንባለ ዝተመስረተ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎ ዘስፋሕፈሐ እዩ።
ትሕዝቶ እቲ መቕጻዕቲ፥ https://www.humanrights.ch/fr